# ብምድንጋር ዝዓኩኽ ፖለቲካዊ መኸሰብ ኣይሃበና።

“ደምዳሚ ኣዋጅ 3ይ ጉባኤ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ 25-26 ሓምለ 2008 ከለን - ጀርመን” ብዝብል መግለጺ ኣብ ወብሳይታት ቶጎርባ፡ መስከረም፡ ኣሰና ወጺኡ ከምዘሎ ብዙሕ ሰብ ተመልኪቱዎ። ዝበዝሕ በቶም ካብ ሰ.ደ.ኤ. ኣባልነቶም ዝተሰረዘ ግን ከኣ ስም ሰ.ደ.ኤ ሒዞም ካብ ዝወጹ ኣትሒዞም ንምድንጋር ክጥዕሞም ዝሰርሕሉ ዘለዉ ምኳኑ ይርድኦን ይፈልጦን ኢዩ። ስለምንታይ'ሲ መሪሕነት ሰልፊ ደሞክራሲ ብዛዕቦኦምን ብዝገብርዎ ምድንጋር ምጥቃም ስም ሰልፍን መግለጺ ኣውጺኡ ከም ዝነበረ ዝዝከር ኢዩ።

ነዚ ሕጂ ብስም ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ እታ “ምስሓብ ኣባልነት ሰ.ደ.ኤ. ካብ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን” እትብል፡ ቅድሚ ሕጂ ኸኣ ብዛዕባዞም ኣደናገርቲ ዘይሰምዐ ሰብ ብስምባደ ከም ዘስተብህለላ ኰይና ኣላ። እዛ ምድንጋር እዚኣ ነቲ ናይ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ዝተራእየ ባእሲ ኣብ መሪሕነት ዝጕሃዮን ዘንጸንጸሮን ኵነታት ሚዛኑ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምንባሩን፡ ድሕሪ ኪዳን ጸገማቱ ፈቲሑ ንጕዳይ መሪሕነት ቻርተር ቅዋም ኣዊጁ፡ ከም ጥርኑፍ ኣካቢ ኪዳን ደሞክራስያውያን ውድባት ኤርትራ ኰይኑ ምውጽኡ፡ ነዞም ኣደናገርቲ ስለ ዘይተዋሕጠሎም ብኸምዚ ዘውጽእዎ ኣዋጅ ዝብለል ኰይኑ ስለ ዝተራእዮም ኢዩ።

ብዝተረፈ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ብዝወከሎም መሰረት፡ ኣቶ ሓጅ ዓብደልኑርን መሓመድ ኑር ኣሕመድን ኣብ ፈጻሚ ኣካልን ማእከላይ መሪሕነትን ተመሪጾም ኣትዮም ግቡእ ስርሖም ከካይዱ ይርከቡ። ሓጅ ዓብደልኑር ምክትል ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን እውን ኢዩ። ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ እምበኣር ካብ 2006 ዓ.ም. ኣትሒዙ ኣካል ኪዳን ኢዩ።

ኣብቲ ሕጂ ዝግበር ዘሎ ምንቅስቓስ መምርሒ ኪዳንን ቻርተርን ቅዋምን ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ኣብ ሃገር እንግሊዝ፡ ጀርመን፡ ሽወደን፡ ኢጣልያ፡ ኖርወይ፡ ሆላንድ፡ ሰሜን ኣመሪካ ዘሎዉ ጨናፍራትን ዞባታትን ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ምስ ካልኦት ውድባት ኣባላት ኪዳን ኰይኖም ተኻፋልነቶም ኣብ ምብርካት ክንቀሳቐሱ ይርከቡ።

እዞም ካብ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ዝተሰጕ ዉልቀ ሰባት ብስም ሰ.ደ.ኤ. ምድንጋሮም ክቕጽሉ ዝመረጽሉ ምኽንያት ብዙሕ እንፈልጦ ምትእስሳር ከም ዘለዎ እኳ ንግንዘብ እንተኾንና፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ ምዝርዛሩ ተቖጢብና፡ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ኣካል ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ከምዘሎን ብቻርተሩን ቅዋሙን ተመሪሑ ንሰላምን ደሞክራስያዊት ኤርትራን፡ ንምትእኽኻብን ምሕያልን ኩሉ ተቓዋሚ ስርዓት ህግደፋውያን ኣብ ምዕያይ ከም ዝርከብ ተፈሊጡ፡ እቲ እንኮ ሓቂ ኢዩ። ብምድንጋር ፖለቲካ ህግደፍ ዝዕጸፍ ከኣ ኣይኰነን።

ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን
ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ
30 ሓምለ 2008 ዓ.ም.።